# **መኣዲ ዘተ (ኮንፈረስ)**

## ኤርትራን ቅልውላውስደተኛታት ኣብ ኤውሮጳን

ብራስለስ፡ 19 ጥቅምቲ 2017

ሰላምታና ተቐበሉ፡

ንዕለት 19 ጥቅምቲ 2017፡ **"ኤርትራን ቅልውላውስደተኛታት ኣብ ኤውሮጳን"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ብራለስ ኣብ ዝጋባእ ናይ ዘተ መኣዲ (ኮንፈረስ) ክትሳተፉፍ ብኽብሪ ንዕድም።

ኤርትራ፡ ብዋሕዚ ስደተኛታት ኣብ ዓለምካብ ዝተፈልጣን፡ ህዝባ ድማ ብስደት ዝጸንት ዘሎን ሃገር'ያ። ናብ ኤውሮጳ ዝውሕዙ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ከቢድ ሓደጋት ሰጊሮም ዝመጹ ምኺኖም 'ውን ግሁድ ሓቂ'ዩ። ብዕለት 14 ሰነ 2017፡ **ናይ ሕቡራት ሃገራት ፍልይቲ መርማሪት (ማስ. ሸይላ ኪታሩት)**፡ ንቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ ከም ዝሓበረቶ፡ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ምምሕያሽ ከም ዘይተራእየ ገሊጻ። እቲ ናብ ባርነት ተቐይሩ ዘሎ ሃገራዊ ኣግልግሎት ይቕጽል ኣሎ። ከቢድ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት'ውን ከምኡ።

ሃገራት ኤውሮጳ፡ ብስም ክልተኣዊ ዝምድናታትን ምንካይ ዋሕዚ ስደተኛታትን ምስ መንግስቲ ኤርትራ ሕግብግብ ይብላሉ ኣብ ዘለዋ እዋን፡ ጉዳይ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ንጎኒ ናይ ምጉሳይ ሓደጋ የንጸላልዎ ኣሎ። እዚ ኣካይዳ'ዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣየርብሕን። ነተን ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ነኽብር ኢና ዝብላ ሃገራት ኤውሮጳ 'ውን ከንሕኸን ዝግባእ ጉዳይ'ዩ።

እዚ ተመዲቡ ዘሎ መኣዲ ዘተ "ኤርትራን ቅልውላውስደተኛታት ኣብ ኤውሮጳን"፡ እቲ እንዳገደደ ዝኸይድ ዘሎ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ግቡእ ኣቓልቦ ክግበረሉ፣ ንሓተቲ ዑቕባ ኤርትራውያን ኣብ ኤውሮጳ ድማ ሕጋዊ ውሕስነት ክወሃቦም ዝጽውዕ'ዩ። ኣብቲ መኣዲ ዘተ፡ ድምጺ ስደተኛታት፡ ርእይቶ ናይ ኤርትራውያንን ዘይኤርትራውያንን ክኢላታት ክስማዕን ክቐርብን'ዩ። ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ሓቀኛ ስእሊ ብምንጻር፡ ብደረጃ ኤውሮጳን ዓለምን ንኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ሓላፍነታዊ ዝኾነ ኣተሓሓዝዛ ክግበረሎምጸውዒት ከቕርብ'ዩ።

ኣብቲ መኣዲ ዘተ፡ ስደተኛታትን እዞም ዝስዕቡ ክኢላታትን ክሳተፉ እዮም፡

ሸይላ ኪታሩት፣ ዶ/ር ኣስያ ዓብዱልቃድር፣ ኣሌስ ጃክሰን፣ ፕሮፌሰር ጋይምክብርኣብ፣ ዶ/ሮ ዳንኤል ረዘነ፣ ዶ/ር ሳራ ዑቕባይ፣ ሰላም ኪዳነ፣ ዳዊት መስፍን፣ ማርቲን ፕላውት፣ ዶ/ር ኣዳነ ገብረመስቀል።

ዝዛተይሉ ኣርእስታት ድማከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡

- ናይ ኤርትራ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት
- ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ኤውሮጳ ዘጋጥሞምብድሆታት
- ግዱድ ዕስክርናን ጸታዊ ማዕርነትን
- ቅልውላውስደተኛታትን ክግበር ዝግብኦ ግብረ-መልስታትን

እቲ መደብ ብቛንቋ ዓረብ፡ ትግርኛን እንግሊዝኛን ዝካየድ ኮይኑ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ካብዚ ዝስዕብ ናይ ኢመይል ኣደራሻታት ምርካብ ይከኣል፡

www.Connection-eV.org/ConferenceEritrea2017
ወይ
www.wri-irg.org/ConferenceEritrea2017

ወይ 'ውን ኣብዚ ዝስዕብ መርበባት ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል፥

www.Connection-eV.org/ConferenceEritrea2017
ወይ
www.wri-irg.org/ConferenceEritrea2017

ዝካየደሉ በታ

ወኪል ኣውራጃ ሃሰን ናይ ጀርመን ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ፥ 21, Rue Montoyer, 1000 Brussels, Belgium

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ በዚ ዝስዕብ ናይ ኢመይል ኣድራሻ ክትውከሱና ትኽእሉ፡ ConferenceEritrea2017@Connection-eV.org

ኣብቲ መኣዲ ዘተ ንምስታፍ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ነቑጣ ናይ ግድን ምምዝጋብ ከምዘድሊ ኣይትዘንግዑ፡ https://goo.gl/sDSDrw

ወደብቲ ናይቲ መደብ እዞም ዝስዕቡ ኣካላት እዮም፡

Eritrean Movement for Democracy and Human Rights, EEPA, Förderverein Pro Asyl e.V., Connection e.V., War Resisters' International, the Eritrean Law Society, kindly hosted by the Representation of the State of Hessen to the European Union.

ምምዝጋብ ንተሳትፎ ብናጻ'ኳ እንተኾነ፥ ወፈያታት ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ባንኪ ሕሳብ ምልጋስ ይከኣል።

Connection e.V., IBAN DE48 3702 0500 0007 0857 00, SWIFT/BIC BFSWDE33XXX. Keyword: Eritrea